ብገ/ሂወት እንተሃዉ ደስታ

# ስልጣን ወይስ ዲሞክራሲ

ሓደ ሓዳ ሰባት ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ሓማሻይ ሃገራዊ መረፃ ኣሸኒፉ ብዘካየዶ ናይ ፌዴራል መንግስቲ ኣፋፃሚ ኣካል ካቢኔ ምጥያሽ ብወገን ህ.ወ.ሓ.ት ቁፅሪ ሚኒስተራት ውሒዱ ብምባል ቅሬታኦም ብግልፅን ሸፍንፍን ብዝኾነ መልክዕ ኣብ መርብብ ሓበሬታን ካልኦት መድረኻትን ብተደጋጋሚ እንዳገልፁ ይርከቡ። እዚ ኣረኣእያ ብፍላይ ብመናእሰይ ተጋሩ ብዓብዩ ዋላኳ እንተተጋወሐ፣ ካብ ካልኦት ብሄራት ዘለው እውን ንህ.ወ.ሓ.ት ካብ ዘለዎም ዓሚቕ እምነት ዝተልዓለን ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ዘምፀኦም ለውጥታት ብዋናነት ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ፃዕሪን ትግሃትን እዩ ብዝብል ነዚ ሓሳብ ዝድግፉ ብዙሓት እዮም። እንተኾነ ውሒዱ ወይስ ኣይወሓደን ኣብ ዝብል ጉዳይ ብዙሕ ዝብሎ ኣይክህሉን። ነቲ ኣረኣእያ ግን ዝስመዓኒ መልሲ ንምቕራብ ደፊረ ክዛረብ ይደሊ። ብመሰረቱ ሃገርና ዘድልይዋ መሰረታዊ ነገራት ሰላም፣ ዲሞክራሲ፣ ቁጠባዊ ዕቤትን ማሕበራዊ ለውጢን ምኺኖም ነጋሪ ዘየድልዮ ሓቂ እዩ። ብኸመይ ክመፁ ይኽእሉ ኢልካ ብዕምቆት ምሕሳብ ግን ዓንኲር ጉዳይ እዩ። እዞም ነገራት ብዋናነት መልሲ ዝረኽቡ ካብ መንግስቲ እዩ። ብምኺኑ ናይ መንግስቲ ጉዳይ ትኹረት ብዙሓት ናይ ምስሓብ ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ኣለዎ።

ብወገን ህ.ወ.ሓ.ት ዝሓዞ ናይ ኣመራርሓ ቦታ ንኢሱ ንዝብል ሕቶ ብቐጥታ መልሲ ዋላ እንተዘይሃበ፣ ብዛዕባ መንግስቲ እንትንሓስብ ቆላሕታ ዘድልዮም ብዙሓት ዋላኳ እንተኾኑ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ዝተወሰኑ ጉዳያት ከብራህርህ ይደሊ።

## 1.ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ከም ፓርቲ ሃገራዊ ዕማማት ናይ ምፍፃም ብቕዓቱ ምፍታሽ፡-

ዋና ቁልፊ ጉዳይ ኩሉ ሰብ ክግደሰሉን ክዝትየሉን ዝግባእ እንተሃልዩ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ እቶም ልዕል ክብል ዝገለፅክዎም መሰረታዊ ለውጥታት ኣብዛ ሃገር እንዳምፀአ ድዩ ወይስ ኣየምፀአን ዝብል መሰረታዊ ሕቶ ምርኣይ ኣድላይ እዩ። ምክንያቱ ሃገርና ከም ሃገር ክትቅፅል እትኽእል ሰላም፣ ዲሞክራሲን ቁጠባዊ ዕብየትን እንተሃልዩ እዩ። ኣብ ሃገርና ብታሪኽ ዘሕለፍናዮም ብዙሓት ሕድሕድ ውግኣት መልዓሊኦምን ምኽንያቶምን ናይ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ቁጠባዊ ዕቤትን ሃዋህው ብዘይምንባሮም እዩ። ሀገርና ዲሞክራሲ፣ ሰላምን ዕብየትን ዝሰፈነላ ንኽትከውን ድማ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓን ኣንፈታትን ከስፍን ኣለዎ።

ካብዚ ብምብጋስ ፌዴራላዊ ናይ መንግስቲ ስርዓት ቁልፊ መፍትሒ ስለዝኾነ ፌደራላዊ ስርዓት እትኽተል ሃገር ብምህናፅ ብሄርን በሄረሰባትን ዓርሰ-ምምሕዳር ክህልዎም ብምግባርን ከምኡ ውን ኣብ ፌዴራል መንግስቲ ፍትሓዊን ማዕረነታዊን ውክልና ክህልዎም ይግባእ ብዝብል ብፍላይ ብዓይኒ መሓውር መንግስቲ ኣብቲ ቁልፊ ዝበሃል ፓርላማን ፌደሬሽን ቤት ምኽሪን ተወካልቲ ክረኽቡ ብምግባር ዲሞክራሲ ንምስፋን ካብ ብንጉሆኡ ሀሁ ኢሉ ጀሚሩ እዩ። ካብዚ ብዝሓለፈ ናይ ፌደራል መንግስቲ ኣፈፃሚ ኣካል (የሚኒስተሮች ካቢኔ) ኣብ ዝጣይሽሉ እዋን ብሄርን ብሄረሰባትን ፍትሓውን ሚዛናውን ዝኾነ ውክልና ክህልዎም ምግባር ዲሞክራሲ ዝተኸተለ ኣሰራርሓ እዩ።

በመሰረቱ ናይ ሓደ ብሄር ጥቕሚ ዝሕሎ ኣብ ፌደራል መንግስቲ ተወካሊ ክህልዎ ከሎ ጥራሕ እዩ ኢልካ ምሕሳብን እዚ ኣተሓሳስባ ምስፍሕፋሕን ንናይ ሃገርና ለውጢ ዕንቅፋት ክኸውን ይክእል እዩ። ናብ ፌዴራል መንግስቲ ብሄሩ ወኪሉ ይምፃእ እምበር፣ ብዋናነት ናይ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ተወካሊ እዩ። ካብ ትግራይ ተወኪሉ ዝኸደ ናይ ፓርማ ኣባል ንናይ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ናይ ሓባር ጥቐሚ ጠጠው ክብል ይግባእ። ብሄርን ብሄረሰባትን ባህለንን ቋንቋአንን ከማዕብላ ኣለወን ማለት ሓደ ነቲ ሓደ ክግደስ ኣይብሉን ማለት ኣይኮነን፤ ከምኡ ውን ኣብ ኣዕናዊ ውድድር ክፅመዳ ኣለወን ማለት ኣይኮነን። እዚ ክብል ከለኹ ግን ብሄርን ብሄረሳበትን ውክልና ኣይድልየምን ዝብል መደምደምታ ንምብፃሕ ኣይኮነን። ውክልና ክህሊ ግድን እዩ ግን ሓባራዊን ሃገራዊን ረብሓ ዝብል ኣተሓሳስባ ክነግስ ይግባእ። ስለዝኾነ ሱር ክሰድድ ዘለዎ ኣተሓሳስባ ማንም ኢትዮጵያዊ ኣብ ፓርላማ ወይ ካዓ ኣብ ካሊእ ናይ መንግስቲ መሓውር ይኹን ብውልቀኡ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን ንናይ ኩሎም ብሄርን ብሄረሰባትን ውልቀ ሰባትን መሰልን ማዕረነትን ብዘይ ምንም ኣፈላላይ ጠጠው ክብል ኣለዎ። ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ማዕቢሉ ሱር ክሰድድ እንተኺሉ ብኸይዲ ኣብ ፓርላማ ይኹን ኣብ ካሊእ ናይ መንግስቲ ቦታ ዘሎ ግለሰብ ብማዕረ ዓይኒ ንኹሉ ብሓባር ስለዝርኢ ወኪል ኣለኒ ዶ ወይስ ኣይብለይን ኣብ ዝብል ኣጉል ጭንቂ ብሄርን ብሄረ ሰባትን ኣይኣትውን። ኩሉ ብሄር ጥቕሙ፣ ታሪኹ፣ ባህሉን ቋንቋኡን ብዘይ ገለ ስክፋታ ይሕብሐበሉ።

ብርግፅ እቲ ሓሳብ ዘቕረቡ ውልቀሳበት ናብ ከምኡ ዓይነት ቅሬታ ዝበፅሑ፣ ከምቲ ልዕል ክብል ዝገለፅክዎ ዓይነት ዝማዕበለ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ኣብ ናይ መንግስቲ ስልጣን ዝርከቡ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ውሑዳት እዮም ካብ ዝብል ኣረዳድኣ ዝተበገሰ ከም ዝኸውን ይኽእል ምግማት ይከኣል እዩ። በወገነይ ክሓልፎ ዘይግባእ ሓደ ሓቂ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ እውን ኣበርቲዑ

ክቃለሶ ዝግባእ ጉዳይ ናይ ፀቢብነት፣ ትምክሕቲን ኪራይ ኣካቢነትን ኣተሓሳስባ ዘለዎም ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ኣብ ውሽጢ እቲ ስርዓት ዓስኪሮም ብሽም እቲ ስርዓት ውልቃዊን ጉጅለኣዊን ድልየቶም እንዳፈፀሙ ይርከቡ። ከምዚኦም ዓይነት ውልቀሰባትን ጉጅለታትን በቐንዱ ንሃገርና ሕማም ርእሲ ካብ ምኳን ሓሊፎም ንናይ ብሄርን ብሄረሰባትን መሰልን ማዕረነትን ዓብይ ሓደጋ እዮም። ንግላዊ ዓላማኦም ንምስኻዕ ክብሉ ፈተውቲ መሲሎም ብሄሮም ምስ ካሊእ ብሄር ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ብምንዛሕ ናብ ጎንፂ ዝመርሑ ዘይነዓቕ ቁፅሪ ኣለዎም። ብዘይምፍላጥ ናብ ጎንፂ ዝመርሑ ከምዘለዉ እዉን እግረመንገደይ ክገልፅ ይደሊ። ሓደ ንብሄረይ ረብሓ ጠጠው ዝብለኩ እየ ዝብል ሙሉእ ጥዕና ዘለዎ ሰብ ብሄሩ ምስ ካሊእ ብሄር ናብ ጎንፂ ኣይመርሕን። ይኹን እምበር ከምዚ ዓይነት ዕንቅፋታት ክመፅኡ ዝኽሉ ሳዕቤናት ከይፈራሕና ኣብ ዘለናሉ ቦታ ኮይና ካልኦት ኢትዮጵያውን ኣሓትና ኣብ ጎንና ኣሰሊፍና ክንቃለሶም ይግባእ እምበር ካብ ብሄርካ ፕሬዚደንት፣ ጠቅላይ ሚኒስተር ወይ ከዓ ብዙሓት ሚኒስተራት ስለዝተሾሙ ዉሕስ እየ ኢልካ ምሕሳብ ጌጋ እዩ።

ብሄረይ ኣብ ፓርማላ ተወካሊ ኣለዎ ዶ ወሰይሰ ኣይብሉን፤ ካብ ብሄረይ ክንደይ ሚንስተራት ኣለው፤ ኣብ ካባቢና ከምዚ ዓይነት ሽግር ኣሎ፤ ወዘተ ኣብ ዝብሉ ብኸባቢን ብሄርን ዝተሓፀረ ኣተሓሳስባ ነዊሕ መንገዲ ክንዕዘና ኣይኽእልን። ካብ ከባቢናን ብሄርናን ወፂእና ኣብ ካሊእ ከባቢ ወይ ካዓ ብሄር እንፈልጦ ዝበፅሕ ሽግር እንተሃልዩ ልክዕ ኣብ ከባቢና ወይ ከዓ ብሄርና ከምዝተፈጠረ ተሰሙዒና መፍትሒ ኣብ ምንዳይ ክንነጥፍ ኣለና። ነዚ ንምርግጋፅ ምስ ካልኦት ኣትዮጵያን ኣሓትና ብዛዕባ ሃገራዊ ጉዳያት እሂን ምሂን ምባል የድሊ። ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ መን ብሄር እዩ፤ ናይ መን ብሄር ሚኒስተራት ይበዝሑ ዝብል ጥዕና ዝጎደሎ ኣተሓሳስባ ክዕብልለና ኣይብሉን። ክኸውን ዘለዎ ተወከልትናን መራሕትናን ንብሄሮም በቐንዱ ድማ ንሃገሮም ሰላም፤ ዲሞክራሲን ቁጠባዊ ዕብየትን ብቑዓት ድዮም ወይስ ኣይኮኑን ኢልና ኣብ ሚዛን ኣቕሚጥና ክንመዝኖም እንተንኽእል ዝሓሸ እዩ። ልዕልነት ዝመፅእ ናይ መንግስቲ ቦታ ብምሓዝ ዘይኮነስ ንኣሓት ብሄርን ብሄረሰባትን ብቐንዱ ድማ ንሃገርና ዝረብሕ ስራሕ ከምቶም ዝሓለፉ ወለድና እንተሰሪሕና እዩ። ዲሞክራሲ «ኢድ ፀናሒት» ዝብል ናይ ወለድና ምስላ ጋቢዘኩም ኣለኹ ኣሓት። መኪና ዝዓደገ ሰብ ንክርሕው ኢንሹራንስ ከምዝኣቱ፣ ኣብዛ ሃገር ከምብሄር ክንርሕው እንኽእል ዲሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ኣስፋሕፊሕና ካብ ጫፍ ክሳዕ ጫፍ ዲሞክራሲ ዝዓሰላ ሃገር ክንሃንፅ እንተኺኢልና ጥራሕ እዩ። ኣብ ውስን ከባቢ ወይ ከዓ ከባቢና

ዲሞክራሲ ሃኒፅና ዝተወሰኑ ኣከባቢታት ሃገርና ዲሞክራሲ እንተዘይዓሲልዎም እዚ ሕማም ከም ሕማም ንፍዮ ነቲ ዝተረፈ ናይ ሃገርና ካባቢ ወይ ከዓ ከባቢና ክብክሎ ይኽእል እዩ፡፡

## 2.ዲሞክራሲ ብናይ ሓፋሽ ተሳትፎ እምበር ብውሕዳት ኣመራርሓ ኣይዕምብብን፡-

ፌዴራል ስርዓት ዝኽተላ ሃገራት ከኽተለኦ ዝግባእ ናይ ዲሞክራሲያዊ መንገዲ፤ ኣብ ናይ ፌዴራል መንግስቲ መሓውር ብሄርን ብሄረሰባትን ፍትሓዊ ውክልና ክህልወን ምግባር ዲሞክራሲ ኣብ ምህናፅ ዝለዓለ እጃም ዘለዎ ዓብይ ጉዳይ እዩ፡፡ ይኹን እምበር ዲሚክራሲ ኣብ ላዕሊ ብዘሎ ኣመራርሓን ካብ ላዕሊ ጥራሕ ብዝወርድ ትእዛዝን ክዕንብብ ይኽእል እዩ ኢልካ ምሕሳብ ቅቡልነቱ ኣይህልዎን፡፡ ንናይ ሃገርና ዲሞክራሲ ምስፋን ክሳብ ሕጂ ጎታቲ ኮይኑ ዘሎ ጉዳይ እውን ካብ ላዕሊ ዝወርድ ዲሞክራሲ ምፅባይ እዩ፡፡

ሃገርና ፌደራላዊ ስርዓት ስለትኽተል አዋቓቕራ መንግስቲ ብፌደራልን ክልልን እዩ፡፡ ኣብዚ ማእከል እዚ ድማ ዞባ፣ ወረዳ፣ ጣብያ(ቀበሌ)ን ቁሸትን ዝብል ናይ ስልጣን ተዋረድ ኣሎ፡፡ ስለዚ ኣብ ሕድሐድ ናይ ስልጣን ደረጃ ዘለዉ ናይ መንግስቲ ኣካላት ዲሞክራሲ ናይ ምህናፅ ማዕረ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡ እዚ ክብል ከሎኹ ግን ናይ ዓቕሚን ብቕዓትን ኣፈላላይ የለን ማለት ስለዘይኮነ ናይ ሕድሕዶም እጃም ኣብ ግምት ክነእትዎ ኣለና፡፡ ስለዝኾነ ኣብ ሕድ ሕድ ናይ ስልጣን ደረጃ ዘሎ ኣካል ብደንቢ ፀፀና ምርኣይ የድሊ፤ ሽግር እንተሃልዩ ከዓ ብግልፂ ምልዛብ የድሊ፡፡ ኣብ ላዕሊ ናብ ዘሎ ናይ መንግስቲ ኣካል ጥራሕ ትኹረት ብምግባር ኣፃብዕትና እነወንጥሕ እንተኾይና ዲሞክራሲ ምህናፅ ዘይሕሰብ ክኸውን እዩ፡፡ ዲሞክራሲ ናይ ህዝብና ባህሊ ክኸውን ዝኽእል ናይ ሓፋሽ ተሳትፎ ኣብ ሕድሕ ናይ መንግስቲ ደረጃ ክህሊ ከሎ እዩ፡፡ ምኽንያቱ መብዛሕቲኡ ግዜ ሓፋሽ ርክቡ ምስቲ ታሕተዋይን ማእኸላይን ኣመራርሓ ስለዝኾነ፡፡

ንኣብነት ጠቅላይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ብቑዕ መራሒ ከም ዝነበረ ማንም ዘይክሕዶ ሓቂ እዩ፡፡ ይኹን እምበር ኣብ ጣብያ፣ ወረደ፣ ዞባ፣ ክልልን ከምኡ ውን ፌዴራል መንግስቲን በብደረጃኡ ዝነበሩ ኣመራርሓታት ዓርሱ ዝኽኣለ ፀገም ነይርዎም፡፡ ስለዝኾነ ውሕዳት ሰባት ኣብ ላዕሊ ብምቕማጥ ጥራሕ ዝፍታሕ ሽግር ዘይኮነስ ህዝቢ ኣብ ሕድ ሕድ ናይ መንግስቲ ስልጣን ደረጃ ዘጋጠሙ ብድሆታት ብትብዓትን ግልፅነትን ክቃለሶም ከሎ ጥራሕ እዩ፡፡ እዚ ክብል ከለኹ ግን ኣብ ላዕላዋይ ናይ መንግስቲ ስልጣን ደረጃ ዘለዉ ሳባት እጃሞም እንዳንኣስኩ ከምዘይኮነ ተረድኡለይ፡፡ ዝላዓለ እጃም ኣለዎም ግን ሃገርና እትጠልቦ ለውጢ ብናታቶም ትግሃት ጥራሕ ዕውት ከምዘይኸወን ፀሓይ ዝወቕዖ ሓቂ እዩ፡፡ መንግስቲ ዝቕዳሕ(ዝወፅአ)

ካብ ህዝቢ እዩ። ሳይንስ *‹‹ማይ ናይ መትሓዚኡ ሕብሪ ይህልዎ ይብለና፣ መንግስቲም ክህልዎ ዝኽእል ሕብሪ ናይ ህዝቡ እዩ።››* ዲሞክራሲያዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ህዝቢ እንተተፈጢሩ፣ መንግስቲ ናይ ግድን ድሞክራሲያዊ ክኸውን ይግደድ እዩ። ስለዝኾነ በብደረጃኡ ኣብ መንግሰቲ ውሽጢ ዘለው ሰባት ሽግር ክፈጥሩ እንዳረኣና ከም ህዝቢ ትም ንብል እንተኾይና ሕጂ ውን ሓደ ናብ ላዕሊ ወፀ ሓዲ ካብ ላዕሊ ፀደፈ/ወረደ ትርጉም ኣይህልዎን። ጠቅላይ ሚኒስተር ናተይ ብሄር እዩ፣ ሚኒስተራት ካብ ናተይ ብሄር ይበዝሑ፣ ወዘተ ዝብል ምኹርዕራዕ ሕድ ሕድ ናይ መንግስቲ ኣመራርሓ ዲሞክራሲያዊ እንተዘይኮይኑ ዕሽነት እዩ።

ካብዚ እንርደኦ ካብ ላዕለዋይ ናይ መንግስቲ ኣመራርሓ ጥራሕ ብዝወርድ ኣመራርሓ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ቁጠባዊ ዕቤትን ምህናፅ ኣይከኣልን። ናይዚኦም ቁልፊ መሰረት ኣብ ታሕቲ ምስ ህዝቢ መዓልታዊ ርክብ ዘለዎ ናይ መንግስቲ መሓውር ምዃኑ ፈሊጥና ኩላትና ኢትዮጵያውን ኣብ ቀረባና ምስ ዘሎ ናይ መንግሰቲ ኣካል እሂን ምሂን እንዳተበሃልና ኣብዛ ሃገር ሰላም፣ ዲሞክራሲን ቁጠባዊ ዕቤትን ንክሰፍን ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ኣለና። ኣብቲ ታሕተዋይን ማእኸላይን ኣመራርሓ ዲሞክራሲያዊ ኣተሓሳስባ እንተሰፊኑ እቲ ላዕላዋይ ኣመራርሓ ናይ ግድን ዲሞክራሲዊ ይኸውን፣ ምኽንያቱ ሰረቱ እቲ ኣብ ትሕቲኡ ዘሎ ኣመራርሓ ስለዝኾነ።

**3.ሓላፍነት ምርኽኻብ ብዝምልከት፡-** ናይ ሓላፍነት ምትኻኻእ ጉዳይ ዝማዕበለ መንግስቲ ኣብ ምህናፅ ዝላዓለ ረብሓ ኣለዎ። ዝማዕበለ መንግስቲ ድማ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ቁጠባዊ ዕቤትን የስፍን። ስለዝኾነ ብዛዕባ ናይ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ዲሞክራሲያዊነት ክንመዝን ከለና ብዛዕባ ሓላፍነት ርኽክብ ምርኣይ ዘድልየሉ ዋና ምኽንያት እቶም ተጀሚሮም ዘለው ለውጥታት ውፅኢት ንክህልዎም ናይ ኣመራርሓ ቀፃልነት ኣድላይ ስለዝኾነ እዩ። ስለዝኾነ ሓላፍነት ብኸመይ እንዳተመሓላለፈ እዩ ኢልና ምርኣይ የድሊ።

ኣብ ፅሑፈይ እቲ ዝተለመደ *ምትኽኻእ* ኣብ ክንዲ ዝብል ቃል *ምርኽኻብ* ዝብል ቃል ሓሳበይ ብዕምቆት ንምግላፅ ዝሓሸ ኮይኑ ረኺበዮ ኣለኹ። ምኽንያቱ ምርኽኻብ ናይ መረከቢን ተረካቢን ናይ ሓባር ሓላፍነት ደሚሩ ዝሓዘ ኮይኑ ረኺበዩ ኣለኹ። ኣብ እዋን ምርኽኻብ ክልቲኦም ነናይ ዓርሶም ሓላፍነት ኣለዎም። ብፍሉይ መልክዑ ግን ኣብዚ ፅሑፈይ ዝለዓለ ትኹረት ዝህቦ ኣብቲ *ተረካቢ* ዝበሃል መንእሰይ ወለዶ ዝርኣዩ ንናይ ሓላፍነት ርኽክብ ዘዐንቅፉ ፉልይ ጠመተ ዝገበሩ እዮም ምኽንያቱ እቲ ተረካቢ ምስቲ መረከቢ ብቑፅሪ እንትወዳደር ኣዐርዩ ዝበዝሐን ብፍላይ ከዓ ኩሉ ነገር ሓመቐ ፀበቐ እንካ ተቐበል ዝተብሃሎ ናይ ምቕባል ተፈጥሮኣዊ ሕጊ

*ስለ ዘለዎ። በዚ መሰረት ብተረካቢ ወገን ዝረኣዩ ፅንቅፋታት ድማ* ተፀባይነትን *ሓላፍነት ተረካቢ ንምኟን ናይ ድልውነት ሕፀረት* መሲሎም ይረኣዩኒ።

ብመጀመርያ ኣብቲ ከምቲ ከማይ መንእሰይ ዝፅዘቦ ናይ ***ተፀባይነት*** ስነ-ልቦና ኣሎ። ኣብዚ ሓንቲ ብሂል ክብለኩም ኣሓት *"ብጠቃሚት ኣፃብዕትኻ ናብ ሰብ እንዳመላኸትካ ንስኻ ኢኻ ናብ ሸግር ዘእተኻኒ ለትብሎ ለለኻ ንሸግርካ ተሓታቲ 75% ባዕልኻ እንትትከውን እቲ ተሓታቲ ዝገበርካዮ ሰብ ግን 25% እዩ ተሓታታይነቱ።" ምኽንያቱ ኣፃብዕትኻ ንሸግርካ ተሓታቲ መን እዩ ንዝብል ዛዕባ ምስክርነት እንትህባ እታ ሓንቲ ጠቋሚት ኣፃብዕቲ ናብቲ ተወንጃሊ ሰብ እንትተመላኽት እተን ዝተረፋ ሰለስተ ማለት ማእኸላይ፣ ናይ ቀለበትን ንእሽተይን ኣፃብዕትኻ ሰለስቲአን ናብ ባዕልኻ ተመሊሰን እየን ዘመላኽታ ዘለዋ። ስለዚ ንሕድሕድ ኣፃብዕቲ 25% እንተሃቢና ንውድቀትካ 75% ተሓታቲ ዓርስኻ እንትትከውን፤ 25% ግን ግዳማዊ ሓይሊ ይኸውን ማለት* እዩ። ብመስሊ ክግለፅ ከሎ ነዚ ዝሰዕብ ይመስል።



ኣብ ሃገርና እንደልዮ ለውጢ ንክመፅእ ሐዚ እነስተርሕዎ ዘለና ሃዋህው ዘምፅኡ ኣብ ኣመራርሓ ዘለው ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ከምኡ ውን ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ መራሕቲ ብሂወት ዝተረፉ ብቑፅሪ ውሑዳት እዮም። ካብ ኩሉ ንላዕሊ ትማሊ ብዙሕ መስዋእቲ ዘሕለፉን ሕጂ ውን እንተኾነ ጉልበቶም እንዳፍሰሱ ምስቲምርካቦም ዕድመ ምድፋእ ተደሚርዎ ክደኽሙ (exhausted) ከም ዝኽሉ ምግማት ካብ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ዝረሓቐ ግምት ኣይኮነን። ስለዝኾነ እቲ ኣብ ሓንጎልና ቀሪፅና ከምፅኡልና ኣለዎም እንዳበልና ከብድና እንዳሓኸኽና እንፅበዮ ለውጢ ኣብዚ ሓዊር ግዜ ብመለኮታዊ ሓይሊ እንተዘይኮይኑ ብናይ ሰብ ሓይሊ ውዓል ሕደር ዘድልዮ እዩ።

*‹‹ዓኺ..... ወለድናን ኣሕዋትናን ተቓሊሶም መስዋእቲ ከፊሎም ሃገርና ኣሜሪካ፣ ጀርመን፣ ጃፓን ወዘተ ኣይመሰለትን እንታይ ኣለዎ......ቃልስና ትርጉም ኣይብሉን እንዳበልካ››* ምዕውፅዋፅ ካብ ሓላፍነት ዓርስኻ ምግላስ እዩ ዝኸዉን። ካብዚ ሓሊፉ ኪራይ ኣካብነት ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ቁጠባዊ ዕቤትን መሰረት ዝኾኑ ውስናት ነገራት ካብ ምንፃፍ ሓሊፎም ኣሜሪካ፣ ጀርመን፣ ጃፓን ወይ ካዓ ካልኦት ናይ ዝማዕበላ ሃገራት ሽም እንዳፀራሕና ልክዕ ነዓታተን እትመስል ሃገር ከረክቡና ኣለዎም ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባን ተፀባይነትን ፍፁም ናይ ሃገርና ድሕረ-ባይታን ህልው ኩነታትን ዝሰሓተ እዩ። ሓደ ክትርድኦለይ ዝደልዮ ነገር ግን ኣብቲ ምሕደራ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ሽግር የለን ማለተይ ኣይኮነን። መንግስቲ ባዕሉ ዝኣምኖ በቲ ዝድለ ፍጥነት ንከይንጓዓዝ ዘዐንቅፉ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ሽግራት ኣለው ግን እዚ ናይ ምቅላስ ዜግነታዊ ሓላፍነት ኣለና። *ዕሾኽን ሕንሸሽን ከይወግአካ በለስ ምብላዕ ዘይከኣል ምዃኑ ክነፈልጥ ኣለና።*

ተፀባይነት ከረደአልና ዝኽእል ንኣብነት ሓዳ ሓደ ውሕዳት ናይ ተፃባይነትን ዘይምስትውዓልን ፀገም ዘለዎም ኣብ ብቁጠባ ምዕቡላትን ስልጡናትን ዝኾና ሃገራት በፂሖም ዝመፁ ኢትዮጵያውን ዝብልዎ ነገር ንእሽትለይ ከዋሰአኩም። ‹‹ ሓንቲ ናይ ዝነበሩላ ዝማዕበለት ሃገር ሽም እንዳፀርሑ፤ *ኣስፋልቱ እኮ ልክዕ መስታወት በሎ ገፅካ የርእየካ፤ ኣቤት ህንፃ፤ ኣቤት ናይ መኪና ዓይነቱ ፅሬቱ፤ ግደፍ እስኪ...ያዓኽ ሽንትቤቱ ናይ ምግቢ ሰሓን በሎ፤ ...... ኣዲስ ኣበባ እንታይ ኣለዋ ባዶ፣ ጨናኡ፣ ጭቃኡ፤ ጭቕጭቑ፣ ኤጭ..........ወዘተ ብዙሕ ነገር ይብሉ።።››* ሃገሮም የናዕቑ ዝተሰደድሉ ዓዲ ልዕሊ ካብ ናይ ሰማይ ገነት ዝበለፀ ኣምሲሎም ይዛረቡ። እዚ ኣተሓስስባ ሙሉእንሙሉእ ካብ ናይ ተፀባይነት ድልየት ዝተበገሰ እዩ። ነገራት ኣብ ክንዲ ባዓልኻ ሰሪሕኻ ክልወጡ ምግባር፣ ሰብ ሰሪሑ ኣስተኻኺሉ ክህበካ ምፅባይ።

ይቅርታ ሓንቲ ቀልዲ ትዝ ኢላትኒ *‹‹ሓደ ኢትዮጵያዊ ኣውሮጳ ከይዱ ሎጂክ ተማሂሩ ይመፅእ። ሓደ እዋን ወላዲቱ ክልተ እንቋቑሖ እንዳብሰላ ከለዋ ሓቢሩወን ዕላል ይጅምር። እንተረኣየ ኣዲኡ ክልተ እንቋቑሖ እንዳብሰላ እየን። ካብኡ ኣደይ ይብለን እዞም እተብስልዮም ዘለኺ ክልተ እንቋቑሖ ኣውሮጳ ከይደ ብዝተምሃርክዎ ሎጂክ ትምህርቲ ሰለስተ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ይብለን። ወላዲት ከምዓቕመን ክርክር ጀመራ፣ ክልተ እንቋቑሖ ከመይ ገይሩ ሰለስተ እንቋቑሖ ይኸውን እንዳበላ። ውላደን ወሲኹ ብሎጂክ ሰለስተ ክኸውን ይኽእል እዩ እንዳበለ ተኸራኺረን። መጨረሻ ኣብሲለን ምስወደኣ ሓደ ንዓርሰን ሓደ ድማ ንበዓል ቤተን ሂበን እንትበልዑ፤ ናይ ሎጂክ ምሁር ውላደን ድማ ንዓይስ ይብለን። ወላዲት ድማ ቀላል ኣይኮናን*

*ብናይ ኣውሮጳ ትምህርቲ ሰለስተ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ስለዝበልካ እቲ ናይ ኣውሮጳ ሳልሳይ እንቋቆሖ ብላዕ በልኡ፡፡››*

ክቡር መራሒና ነበር ኣቶ መለስ ዜናዊ ሓደ ግዜ ዝበሎ ነገር ከስታውሰኩም፤ *‹‹ዝተዓደሉ መንግስታት ናይ ፅባሕ እንተሰርሑ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ግን ናይ ትማሊ፣ ሎሚን ፅባሕን ደራሪቡ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ››* ክብል ተናጊሩ፡፡ ሃገርና ክንደይ ዝኣክል ትሕቲ ፀፍሒ ባሕሪ ከምዝነበረት ብዕምቆት ዘረደአና ዘረባ እዩ፡፡ ሃገርና እትደልዮ ለውጢ ናይ ትውልድታት ርኽክብ ዘድልዮ ነዊሕን ዘየቋርፅን ናይ ሂወት ጉዕዞ እምበር ብሓጺር ጊዜ ተጋጊሩ ዝቐርብ ዓይነት ሕብሽቲ ኣይኮነን፡፡ ደግሞ እዚ ለውጢ እንብሎ ዝኾነ ጊዜ ተሰሪሑ ንመዋእል ዘገልግል ዘይኮነስ ብኸይዲ እንተኾነ እንዳተለወጠ ዝኸይድ እዩ፡፡ ሕድሕድ ትውሊዲ ናይ ባዕሉ ሰሪሑ እዩ ዝሓልፍ፡፡ እዚ ዘይርደኦ ሓደ ሓደ መንእሰይ ግን ኩሉ ነገር ተሰሪሑ ኢዱ ተሓፂቡ ንምብላዕ ዝፅበ ኣሎ፡፡ ብተኣምር ክኸውን ዘይክእል እዩ፡፡ ሕድሕድ እዋን ብሂወት ካብዘሎ ትውልዲ እትጠልቦ መስዋእቲ፣ ድኻም፣ ጭንቂ፣ ደስታ ወዘተ ዘይተርፉ ናይ ሂወት ጉዕዞ እዮም፡፡ ስለዝኾነ ንዝመፅእ ድኻም ዓርስና ክነዘጋጁ ኣለና፡፡ ካብ ኩሉ ብዝዓዘዘ ድማ ታሪኽ ናይ ምስራሕ ትብዓትን ሓቦን ክነሕድር ኣለና፡፡ ሓደ ሓደ ምሁራት እዚ ሕጂ ኣብዛ ሃገር ዘሎ ወለዶ ታሪኽ ናይ ምስራሕ ስነ-ልቦናዊ ክፍተት ኣለዎ ክብሉ ንርእን ንሰምዕን ኢና፡፡ ሓቆም ክኾኑ ስለዝኽእሉ ከይሰምበድና ዓርስና ክንፍትሽ ኣለና፡፡ ናይ ውልቀኻ ሂወት ምምራሕ ከምዘሎ፤ ሃገር ተረኪብካ ናይ ምህናፅ ሓቦን ኒሕን ኣብ መንፈስና ሂወት ክዘርእ ኣለዎ፡፡

ታሪኽ ካብ ምዝራብ ታሪኽ ናብ ምስራሕ ክነመርሕ ኣለና፡፡ ኣሓትና ነቲ ሐዚ ዘለናዮ ኣየር መስዋእቲ ከፊሎም ኣምፂኦምልና እንዳበልካ 11 ለካቲት፣ መዓልቲ ሰማእታት፣ ወዘተ በፅሐ *‹‹ክብሪን መጎስን ንስውኣትና››* እንዳበልና ምስጋና ምብፃሕ ዝድገፍ እኳ እንተኾነ፤ እቲ ዓንኳር ጉዳይ ግን ንምንታይ መስዋእቲ ኮይኖም፣ ኣካሎም ጎዲሎም፣ ደኺሞም፣ ወዘተ ኢልና ንድሕሪት ተመሊስና ብዕምቆት መርሚርና ዓላማኦም እብ ጫፍ ምብፃሕ እዩ እቲ ዝዓበየ ጉዳይ፡፡ ሓደ ሓደ ብፍምፍላጥ ይኹን ብዘይምፍላጥ *ናይ ስውኣትና ዓላማ ክነሳኽዕ ኢና ኣብ ክንዲ ምባል ሽቶኡ ወቒዑ እንዳበሉ* ብሚድያ ይኹን ኣብ ካልኦት ስብሰባታት ክዛረቡ ንሰምዕ ኢና፡፡ ብርግፅ ናይ ሰላም ኩነታት ኣብዛ ሃገር ካብ ዝሓለፉ እዋናት ማንም ክምስክሮ ዝኽእል ኣዐርዩ ዝሐሸ ምኳኑ እዩ፡፡ ዲሞክራሲን ቁጠባዊ ዕቤትን ብውስን መልክዑ ተጀሚሩ ኣሎ፡፡ ኾይኑ ግን ብኹሉ ነገር ገና ጀመርቲ ኮይና እንዳሃለና ናይ ስውኣትና ዓላማ ሽቶኡ ወቒዑ እዩ ኢልካ ምጥቃዕ እንተኒኢሱ ዘይምፍላጥ እንትኸውን እንትዓቢ ድማ ኣሸካዕላል እዩ፡፡ እቲ

ቃልሲ ብዙሓት ሃገራዊ ዕማማት ከም ሰላም፣ ዲሞክራሲን ቁጠባዊ ዕቤትን ዝነበርዎ ኮይኑ ነዊሕ እዩ ነይሩ ስለዝኾነ ብዙሕ ይተርፈና። ስወኣትና ክንስእሎም ዘለና ብናትና ኣተሓሳስባ ከይኮነስ፣ ንድሕሪት ተመሊስና እቲ ዝነበረ ቃልሲ ፈቲሽና ክኸውን ኣለዎ።

ስለዝኾነ ተፀባይ ኮይንካ ብቑዕ ሓላፍነት ተረካቢ ምኺን ስለዘይከኣል ብቐንዱ ናይ ተፀባይነት ኣተሓሳስባ ክነወግድ ኣለና። ዘለዉ ፀገማት ዓርስና ክነስተኻኽሎም ንኽእል ኢና ዝብል እምነት ክነሕድር ኣለና።

ካሊእ ካብዚ ሐዚ ዘሎ ወለዶ ዝዕዘቦ ***<u>ሓላፍነት ተረካቢ ንምኧን ናይ ድልውነት ሕፅረት</u>*** እዩ። ሐዚ ዘለው መራሕቲ ክሓልፉ እዮም ፅባሕ ሃገር ተረከብቲ ንሕና ኢና ዝብል ዓርሰ-እምነት ሒዙ ሃገርን ሓላፍነትን ብብቕዓት ተረካቢ ንምኺን ዝተዳለወ ውሕድ ይመስል። *‹‹ሃገር ተረከብቲ ኢና››* ዝብል ንጭርሖ እንተዘይኮይኑ ምስ መንፈሱ ዘዋህዶ ዉሑድ እዩ እንተበልኩ ምግናን ኣይኮነን። ብዋናኡ ናይ ድልውነት ሕፅረት *ዓርስኻ ዘይምብቃዕን* ከምኡ ውን *ክትሕዘል ምድላይን* ብዝብሉ ክግለፅ ይኽእል እዩ።

ሓደ ናይ ድልውነት ሕፅረት መግለፂ *ዓርስኻ ብዘይምብቃዕ* እዩ። ኩላቱና ብንቕሓት ክንፈልጦ ዘለና ግን ስልጣን ዝደሊ የለን ማለተይ ኣይኮነን። ስልጣን ዝደሊ መዓት ሰብ ኣሎ። ስልጣን ክብል ከለኹ ግን *ሓላፍነት* ማለት ኣይኮነን። ስልጣን ምድላይን ስልጣን ዝጠልቦ ብቕዓት ምጥራይን ዝተፈላለዩ እዮም። ስልጣን ዝደልዮ ብቕዓት ኣጥሪኻ ስልጣን ምንዳይ ብጣዕሚ ክምስገን ዘለዎ ጉዳይን ሓላፍነታዊን እዩ። ሓደ ዓርሱ ንሓላፍነት ዝሓፀየ ሰብ እቲ ሓላፍነት ዝጠልቦ ብቕዓት ከዕቢ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ንምባል ዘገደደኒ ኣብቲ መንእሰይ ሓላፍነት ንምርካብ ሳሓጥሓጥ ናይ ምባልን ብቐንዱ ድማ ዓርስኻ ንሓላፍነት ናይዘይምብቃዕን ኩነታትን ስለዝንፀባረቑ እዮም። ካሊእ ዘይምብቃዕ ዝንፀባረቀሉ ድማ ስልጣን ንኪራይ ኣካቢነት ክትጥቀመሉ ምድላይ እዩ። ስልጣን ናይ ቆረፃ መኽበሪ መንገዲ እዩ ብዝብል እምነት ልክዕ ስጋ ከምዝረኣየ ድሙ ንስልጣን *<u>(ሓላፍነት ማለተይ ኣይኮነን)</u>* ሰተፍተፍ ዝብል መንእሰይ ዘይነዓቕ ቁፅሪ ኣለዎ። ነዞም ስቱፋት ሓደ ኣበሃህላ ክነግሮም *‹‹ቆራይ፣ ቆራይ ኢኻ እንተዘይልካዮ ክፍትፍት እየ ኢሉ ይርብሽ››* ዝብል ብሂል። ስለዝኾነ ኣቱም ከምዚ ዓይነት ዝተሰንከለ ብቕዓት ዘለኩም ሰባት ተኣረሙ ወይ ከዓ ዓርስኹም ኣመሓይሹ ክብለኩም እፎቱ። ኣብዚ ሳሓጥሓጥ ምባል ዝምደብ ድማ ነዓይ ዘገድሸኒ ውልቃዊ ሂወተይ ምምራሕ ስለዝኾ ኣይምልከተንን ዝብል ኣረዳድኣ ዘለዎም፤ ካብኡ ሓሊፉ ድማ *ከም ጺላጦስ ካብ ደሙ ንፁሕ እየ* እንዳበሉ ካብ ተሓታተይነት ንምድሓን ዝደልዩ ይርከቡ። ግን ኣብ ናይ ሃገር ጉዳይ ማንም ካብ

ተሓታታይነት ዝድሕን የለን፤ ውልቃዊ ሂወትና እንተኾነ ውን በቲ ናይ ሃገር ህልው ኩነታት ዝፅሎ እዩ። እዚ ከምዘሎ ግን ነቲ መሰመር ኣብ ጫፍ ንምብፃሕ ዝተዓጠቑ ወነን ትብዓትን ዘለዎም ብቑዓት መናእሰይ የለዉን ማለት አይኮነን። እንተኾነ ምስቲ ተካኢ ክሽወን ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዝግመት ሓይሊ ቁፅሮም እንትነፃፀር ግን ዉሑድ እዩ።

ካሊእ ናይ ድልውነት ሕፅረት ዝግለፀሉ ኣብቶም ሐዚ ዘለዉ ገለ ገለ መራሕቲ *ክትሕዘል ምድልይ* እዩ። ሓላፍነት ካብ ልቡ ህዝቢ ንምግልጋል ኣሚኑ ንዝተቐበሎ ሰብ ሸኽሚ እዩ ብዝበኣሰ ድማ ከም ሓዊ ዘቃፅል እዩ። ኣብ ውስናት ምትኽኻኣት ግን ዘይወሓጠልና ሰባት ኣለና ብፍላይ ሓደ ሓደ ስሙያት መራሕቲ ክትክሉ ከለዉ። ትማሊ ብዙሕ ድኻም ዘሕለፉን እንዳደኸሙ ዝርከቡ ሰባትን መሪሕነቶም ይቐፅል፤ ንሳቶም እንተዘይኮይኖም ካሊእ ዝትካእ ብቕዓት ዝጎደሎ እዩ ወዘተ ዝብሉ ኣተሓሳስባታት ክፀሓፉን ክጉርምረሙን ንርእን ንሰምዕን ኢና። ብወገነይ ዝኣምነሉ እዞም ክትክሉ ኣይብሎምን ዝተብሃሉ መራሕቲ ማንም ዝምስክሮ ብቕዓት ከም ዘለዎም እሙን እዩ። ብመሰረቱ እዞም ሰባት ሐዚ ውን እንተኾነ በታ ዝተረፈት ዕድሜኦም ንሃገሮም ዓብይ ኣበርክቶ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ዘለውዎ ቦታ እንትኾነ ኣበርክቶ ንክሕቡ ዘኽእሎም ጥጡሕ ኩነታት እዩ። ንኣመራርሓ ዝሐሸካን ብቑዕን ንስኻ ኢኻ... እዛ ስልጣን ንዓኻ.... ስጋኻ... ስጋኻ... ስጋ ብዖት.... ምበሃል ብጣዕሚ ዝሰለጠነ አተሓሳስባ እዩ። ይኹን እምበር ካብዚ ብዝሓለፈ ኣብ ውሑዳት ሰባት ተሓዚልና ክንነብር ኣይብልናን። ዓርሱ ከብቅዕ አለዎ። ሓደ መስተውዓላይነት ዘድልዮ ጉዳይ ግን ሕጂ ዘሎ ናይ ስልጣን ሽሚያ/ቅድድም ከይዱ ከይዱ ውፅኢቱ **<u>race to the bottom</u>** ከይኸውን ለባማት ክነከውን ኣለና። *ምርኽኻብ* ወይ ከዓ ኩላትና ብንርደኦ ቃል *ምትኽኻእ* ሂወት ክህልዎ ዝኽእል እቶም <u>መረከብቲ</u> ደኺሞም ኣይብልዐ ኣይስተዩ ኣብ ዝኾንሉ ጊዜ ወይ ከዓ ምስ ሞቱ ዘይኮነስ ምስ ዓቕሞምን ጉልበቶምን ኣብ ዝህልውሉ እዋን እንተዝኸውን ነቲ ተረካቢ ሰፊሕ ልምዶም ስለ ዘካፍልዎ በቑዕ ንክኸውን ዓብይ እጃም አለዎ።

ኣብቲ *ሓላፍነት ተረካቢ* ዝበሃል ዋላ ውን ዝዓለ ትኹረት እንተገበርኩ በቲ *<u>ሓላፍነት መረከቢ</u>* ዝበሃል ወገን ድማ ዝረኣዩኒ ሕልኽላኻት ዝተወሰኑ ክግልፅ። ካብ ስልጣን እንተወሪደ ሳምባይን ልበይን ኣይሰርሕን ዝዓይነቱ ዝመስል እምነት ዘለዎ ነባር ኣመራርሓ ክህሉ ስለ ዝኽእል ናብ ጥዕናኡ ንክምለስ ክመዓድን ክግምገምን ኣለዎ፤ ፈጣሪ ምሕረት የውርደልካ ክብሎ ውን እፎቱ። ብዝዓዘዘ ድማ ናይ ሓላፍነት ርኽክብ ዝጨናገፍ (aborted leadership transmission) እቲ ተረካቢ ሓይሊ እንተዘይበቒዑ ስለዝኾነ እቲ መረከቢ ሓይሊ ነቲ ተረካቢ ኣብ ምብቃዕ ብዙሕ

ክደፍእ ኣለዎ። ብሽም ዘይተፀንዐ ምትኽኻእ ገለ ገለ ሓዊ ኢዳም ዝኾኑ ጉሒላታት እንዳኣተው ወያናይ መሰመር ኣንፈቱ ከስሕቱ ምርኣይ ዝተለመደ ይኸውን ስለዘሎ ዓብይ ጥንቃቐ ክግበር ኣለዎ። ስለ ዝኾነ ርኽክብ ሂወት ሰሪዑ ቀፃልነት ንክህልዎ ክልቲኡ ወገን ተቐራሪቡ ጎኒ ንጎኒ ክስርሕ ኣለዎ። ሓደ ናይቲ ሓደ ክፍተት እንዳዓበሰ ክኸይድ ኣለዎ።

ንምጥቕላል ብፍላይ እዞም ልዕል ክብል ዝሓበርክዎም ክልተ ተፃረርቲ ነገራት ማለት ሓላፍነት *ተረካቢ ንምኧን ዘይምብቃዕን ሓላፍነት ናብቲ ሓዱሽ ሓይሊ ውፅኢታዊ ብዝኾነ መልክዕ ዘይምርካብን፣* ሓላፍነት ርኽክብ ውፅኢት ኣልባ ስለዝገብሮ ሰፊሕ ዕማማት ዝደሊ እዩ። ብተወሳኺ ካብዚ ብዓብዩ እንወስዶ ትምህርቲ እንተሃልዩ ድማ እቲ መንእሰይ ሓላፍነት ንምርካብ ዕንቅፋት ዝኾንዎ ነገራት መምዩ ዓርሱ ሓላፍነት ንምርካብ ከብቅዕ ከምዘለዎ እዩ። ብመሰረቱ ኣብቲ ተረካቢ ዝበሃል ሓይሊ ዘለዉ ድኽመታት ክፍትሑ ዝክእሉ እዮም። ስለዝኾነ ኩሉ ነገር ንጎኒ ገዲፍና እቲ መስመር ምስ ነብስና ኣዋሂናድ *ዘይሓልፈካ ጋሻስ ሓቑፍካ ሰዓመዮ* እዩ እሞ መዓንጣኻ ምስጣም መማረዒ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ።


## ገ/ሂወት እንተሃዉ ደስታ

## ወላይታ ሶዶ ዩኒቨርስቲ ናይ ሕጊ መመህር

gentehawu@gmail.com